# ሓጺር ጸብጻብ ሰሚናር ዶር. ኣሰፋው ተኸስተ
# ኣባል መሪሕነት ሰልፊ ደሞክራሲ

ሰልፊ ደሞክራሲ ጨንፍር ዋሽንግቶን ዲሲ፣ ንዶር. ኣሰፋው ተከስተ ብዝገበረሉ ዕድመ መሰረት ብምቅባል፣ ብዕለት 15 ሚያዝያ ንኣባላት ሰልፍን ህዝብን ኣኼባ ኣካይዱ። ቅድሚ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ድማ፣ ንኣባላት ሰልፊ፣ ሁልው ኩነታት ሃገርና ዞባንን ድሕሪ ምብራህ፣ ናይ ቁሩብ ደቃይቅ ዕረፍት ብምውሳድ ናይ ህዝቢ ሰማናር ጀሚሩ።

ካብቲ ዶር. ኣሰፋው ዝቀረበ ኣስተምህሮ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ነይሩ።

1.ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርናን መሰረታዊ መሰልን
2. ሳዕብየን ናይ ምልኪ
3. እዚ ኣብ ሃገርና ዘሎ ናይ ምልኪ ስርዓት ናይ ስልጣን ዕድሚኡ ብኸመይ የነውሕ?

ብሰለሰተ ተሰከምቲ ኣዕኑድ እዩ ስልጣኑ ከናውሕ ኪኢሉ ዘሎ።

ሀ. ሾናት - ብዶብ ኣሳቢብካ ዝተላዕለ ሾናት
ለ. ፍርሂ ዝፈጠሮ ተምበርካኽነት

ብቓጻ ምእሳር:ኣብ ፍርዲ ዘይምቕራብ:ሃለዋት እሱራት ዘይምፍላጥ እዚ ድማ ምጽቃጥ ፈጢሩ፣ ምጥርናፍ ተፈሪሁ ፣ ኣብ ወጻኢ ድማ፡ ተንጽሎ፡ ንብረት ምዝራፍ ወይ ድማ ዘይጭቡጥ ፍርሂ ፈጢርካ ኣዝማድ ከይትልክም ምእዙዝ ምኻን።

ሐ. ድኻማት ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ ወጻኢ
-ውሽጣዊ ጸገማት
- ሓዲስ ፖለቲካዊ ባህሊ ዋሕዲ ተመኩሮን
- ኣብ ክንዲ ናብ ግዳም ናብ ውሽጡ ዝያዳ ይጥምት
- ሕመረት ዕላማ ደንበ ተቓውሞ ከነጽር ዘይምኽኣል
- እርጋን መሪሕነት - ዝበለየ ኣተሓሳስባ
- ውድባት ከም ንብረት ናይ ውልቀሰባት ምርኣይ
- ኣረጊት ጸገም ኣረጊት ፍታሕ
- ግዳማዊ ጸገማት
  - ስርዓታት ጎሮባብቲ ሃገራት ዘይደሞክራሲውያን
  - ምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይትና
  - መጋበሪ ናይ ሕቡእ ኣጀንድኣን ኪገብራ ምፍታን
  - ድኽም ተቓውሞ ግን ምእዙዝ

ነዚ ሃገርና ኤርትራ ኣትያቶ ዘላ ሽግር ንምፍታሕ፣

1. ምምልካት ዶብ፡
   - ህዝቢ ንምዕማጽ መሳርሒ ኮይኑ ዘሎ ናይ ሾናት ወጥሪ ሃዋህው ምዕጻው
   - ጸቕጢ ብዓቕምና ን ሕቡራት ሃገራት፡ ንኢትዮጵያ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ምግባር፡ ብፍላይ ድማ ን ሕ.መ.ኣ. ፡ ኤ.ሕ.
2. ውሽጣዊ ተቓውሞ ምሕያል - ቀዳማይ ዕላማ ናይ ኩሉ ተቓዋሚ ኪኸውን ይግባእ
   - ብምስጢር ዝግበር ውዳበ ምሕያል
   - ሓቀኛ መልእኽቲ ናብ ህዝቢ ብራድዮን ወብሳይትን ካልእ ጽሑፋትን ምትሕልላፍ
   - መሰጋገሪ ውጥን ምድላው
3. ተቓወምቲ ውድባት
   - ሓደ ንኩሉ ዝጠምር ናይ ሓባር ዕላማ ምንጻር
   - ዘሎ ፖለቲካዊ ባህልን ልምድን ንቅድሚት ከም ዝስጉም ምግባር

- ሓላፍነት ንመንእሰያት ምስግጋር
- ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዕማማ ናይቲ ዝመጽእ ጉባኤ ናይ ሰልፊ ደሞክራሲ ኪኸውን ዩ

ብድሕሪ'ዚ ድማ ሰላማዊ ኣጋበብ ቃልሲ እንታይ ምኻኑ ሰፊሕ ኣሰተምህሮ ሂቡ።
ካብተን ብሰላማዊ ንለውጢ ዝተሰጋገራ ሃገራት ብምጣስ ድማ ፡ እዚ ኣብ ኤርትራ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ፖለቲካ ሽግር፣ ናይ ባዓዲ መግዛእቲ  ዝይኮነስ፣ ብውሑዳት ሕማቓት መራሕቲ ኤርትራዊያን ዝገብር ዘሎ ኢሰብኣዊ ተግብራት እዩ ክብል ኣስሚሪሉ።

ካብዚ ብምውሳኽ ድማ እቲ ኣብ ሃገርና ተኸሲቱ ዘሎ ሽግር ንኣብ ወጻኢ ዝቅመጥ ዘሎ ህዝብና ብኸመይ ይጸልዎ ከምዝሎ ድማ ኣብሪሁ።

እዚ ስርዓት ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊት ማይቤት ኳሕኲሑ መሰረትዊ መሰላትና ግሂሱ ኢዩ። ኣብነት ንምጥቃስ፡ ሎሚ ሰብካ ካብ ኤርትራ ንምህዳም መጀመርያ ደርሆ ንመኰንናት ሰራዊት ኪትጸውር ኣሎካ፡ ወይ ድማ ብለይቲ ናብ ሱዳን ዘሰሉኹ ነጋዶ ትኸፍል፡ ካብ ሱዳን ናብ ኤሮጳ ወይ ኣመሪካ ንምምጻእ ገምጋም 25,000 ዶላር ይውድእ። ወልድቲ ናይዚ ሰብ መጅርያ ይእሰሩ ብድሕሪኡ ድማ 50,000 ናቕፋ ከፊሎም ይወጽኡ። ብሓጺሩ ካብ 30-40,000 ዶላር ይውድእ። ፍታህ እምበኣር ነቲ ጠልጠል ኢሉ ዘሎ ስርዓት ንምዕላው ብዓቕምኻ ምስታፍ ዝያዳ የኽስብ። ስለዚ ጸግዕኻ ሒዝካ ካልኦት ኪገብሩልካ ዘይምጽባይ

ካልኣይ ኣብነት ኪጠቅስ፡ ኣብ ኬፕ ታውን መሓንበሲ ዘለዎ ቪላ ብ60,000 ዶላር ተስርሕ። ኣብ ኤርትራ መሓንበሲ ዘይቡሉ ቪላ ብ 150-200,000 ዶላር ይውድእ። እዚ ዋጋኡ ኣይኰነን፡ እዚ ዝምታዉዩ። ኤርትራውያን ገንዘብ ካብ ባንክ ተለቂሖም፡ ብነጻ ጉልበት ኣገልግሎት ጋዝውቲ እናተሰርሐ ንቁጠባዊ ጥፈሻ ናይዚ ስርዓት ዘሕውዩ ውሑዳት ኣይኰኑን። ኣብ መጻኢ ዘታሓትት ከይከውን ምጥንቃቕ ኣገዳሲ ኢዩ። ዝኾነ ናይ ቁጠባ ኣምር ዘለዎ ሰብ ነዚ ኣብ ኣመሪካ ኢንቨስት ብምግባር ከኻዕብቶ ዝኽእል ሃብቲ ክንደይ ምዃኑ ዝጠፍኦ ሰብ የለን።

ስለዚ ኣብቲ መሰረታዊ ፍታሕ ንምምጻእ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ምስታፍ ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ምዃኑ ኣስሚርሉ።

ብድሕሪዝ ድማ ካብ ህዚቢ ዝሰዓበ ሕቶታት ብምምላስ፣ ምሕጽናታታ ብምቅባል ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ።